## ናይ ደገፍ መልእኽቲ ናብ 6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጉባኤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ

## ቍጽሪ 4. ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ሓርነት ኵናማ ኤርትራ



መልኣኩ ቲማትዮ

ናብ ትሕዝቶ መልእኽተይ ቅድሚ ምእታው፡ እንቋዕ ናብ ሻዱሻይ ሃገራዊ ጉባኤ ኣብጽሓኩም ኢለ፡ ብስመይን ብስም ውድበይን ዘሎኒ ብጾያዊ ሰላምታይ ኣቕርብ። መስርሕ ጉባኤ ንፖለቲካዊ ውድባት ዳገመ ልደት ኢዩ። ጉባኤ፡ ንኣባላት ኲሎን ደገፍቲ ውድባት ተሃድሶ ኢዩ። ጉባኤ፡ ምንጪ ናይ ተመኵሮ ኢዩ። ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ድሕሪ ዓመታትን ብዙሕ መስዋእትን ናብ ሻዱሻይ ሃገራዊ ጉባኤ ብምብቃዕኩም ደጊመ እንቋዕ ሓጐሰኩም እብል።

ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ-ሰውራዊ ባይቶ፡ ካብ'ቲ ዝጸንሖ ተመኵሮ ብምብጋስ፡ ንጹር ዝኾነ ናይ ቃልሲ ኣንፈትን፤ ብሓደስቲ ርእይቶታትን፡ ብሃናጺ ለበዋታትን ዝተቐልቀለ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮ ቀሪጹ፡ ነዚ ንምትግባር ከኣ፡ ተግባራዊ ዝኾነ ውድባዊ ሕገ-ህንጻ ከምዘጽድቕ ብምትእምማን፡ ውድብና ኣብ ዘራኽቡና ሓቅታት ሃገራዊ ጉዳያት ከም ወትሩ ምሉእ ምትሕብባርን ናይ ተመኵሮ ምልውዋጥን ካብ ምግባር ከም ዘይነብኵር ደጊመ ከረጋግጽ እፈቱ። ስለ ዘድመጽኩምኒ ኣመስግነኩም። ብዓወት ከም እትዛዝሙ ብምትእምማን ሰናይ ትምኒተይ እገልጽ።

**ዓወት ንሻዱሻይ ሃገራዊ ጉባኤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ!!**
**ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና**
**መትከላት ዲምሓኵኤ ንዘልኣለም ክዕንብቡ ኢዮም**

**ፈጻሚት ሽማግለ ዲምሓኵኤ**
23.07.2006